

# ኢፒዲፒ

# ሰሜን ኣሜሪካ ሳቦያ ንቕድሚት!

*ሃይለ መንገሻ ዑቕበ*

**ፈብሩዋሪ 27፡ 2018**

**ቶሮንቶ፡ ካናዳ**

**ቅኒያቱ፡ ፉሕፉሕታ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ገርጊሮምሉ ዘለው ቅኒያት'ዩ። ሳክቲዝም፡ ዓበይቲ ምስጢራት ዒራዒሮ ካብ ጸጥታ ህግደፍ ጎኃሕጕሑ፡ ንፈይስ ቡከኛታት እንኩመ ዝብለሉ ዘሎ ህሞት'ዩ . . . ኣብቶም ናይ ተቓውሞ ዌብሳይውቲ፡ ኣራግጽ ዳያስፖራ ኣመና ጽዒቖምሉ ዘለዉ ህሞት'ዩ . . . ቦርዱ፡ እቶም ናይ ሮቸስተር ኣይኤንሲ፡ እኒ መስፍን ሓጎስ፡ ኣጋፋሪ ዶ/ር ገብረ ገረማርያምን መስለቶምን ናብ ኢፒዲፒ ኮነ ናብ ኣቶ ሃይለ መንገሻ ዑቕበ ዝቐንዑ፡ ዳርባ ናይ ሚድያዊ ሞርታራት ኣጽዒቖምሉ ዘለዉ ህሞት'ዩ።**

ኣብዚ ዉዕዉዕ ህሞት፡ ኣብ ጀንዋሪ 27ን 28ን፡ 2018፡ ኣብ ዋሺንግተን ዲሲ፡ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ዝርከቡ ኣባላት ኢፒዲፒ ጉባኤ ድሕሪ ምክያድ፡ ዳግመ ወድባ ናይ ኢፒዲፒ ጨንፈር ሰሜን ኣሜሪካ ከምዝገበሩ፡ ኣብቲ ጉባኤ ዝወዓለ፡ ኣቐባል ርጡብ ሓበሬታ ገሊጹ።

ኢፒዲፒ ጨንፈር ሰሜን ኣሜሪካ፡ ካብ'ቲ ቅድም ዝነበሮ ዝያዳ ጎልቢቱ ንስራሕ ሓኒኑ ተበጊሱ ከምዘሎ፡ ኣቐባል ርጡብ ሓበሬታ ኣብሪሁ። ብተወሳኺ፡ እቲ ኣቐባል ርጡብ ሓበሬታ፡ ነዞም ዝስዕቡ ደቓይቕ ኣቕሪቡ።

<u>ኣብ ጉባኤ ዝተመርጹ፡ መሪሕነት ጨንፈር ሰሜን ኣሜሪካ</u>

1. ኣቦ ወንበር _ _ _ _ _ _ _ _ _ _ _ _ ደስበለ ካሕሳይ
2. ዋና ጸሓፍን ምክትልን _ _ _ _ _ የማነ ፍትዊ
3. ናይ ውደባ ሓላፊ _ _ _ _ _ _ _ _ ናይዝጊ ባህላይ
4. ናይ ዜናን ፕሮፓጋንዳን ሓላፊ _ ዮውሃንስ ሓጎስ
5. ናይ ገንዘብ ሓላፊ _ _ _ _ _ _ _ _ ፍስሃየ ፍትዊ
6. ናይ ደቀንስትዮ ሓላፊት _ _ _ _ ኣስገደት ምሕረትኣብ
7. ናይ መንእሰያት ሓላፊ_ _ _ _ _ የማነ የውሃንስ
8. ተጠባባቒ _ _ _ _ _ _ _ _ _ _ _ _ ብርሃነ ወልደንኪኤል
9. ተጠባባቒ _ _ _ _ _ _ _ _ _ _ _ _ እስቲፋኖስ በራኺ

ኣቐባል ሓበሬታ ከምዝበሎ፡ ሎምዘበን ኢፒዲፒ፡ ንጉዳይ ጉባኤ ጨንፈር ሰሜን ኣሜሪካ፡ ካብ ፈለማ ክሳብ መፈጸምታ ብዕቱብ ከምዝመርሐን ከምእተኸታተሎን ሓቢሩ።

<u>ኣብ ጉባኤ ዝተሳተፉ፡ ኣባላት መሪሕነት ኢፒዲፒ</u>

- ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ)፡ ናይ ውደባዊ ጉዳያት ሓላፍን ኣባል ፈጻሚት ሽማግለን
- ፍስሃየ ሓጎስ፡ ናይ ሕብረተሰባዊ ጉዳያት ሓላፍን ኣባል ፈጻሚት ሽማግለን
- ገረዝጊሄር ተወለደ ፡ ወኪል ኣቦ ወንበር ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ
- ኤርትራ ኣልኣዛር፡ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ
- ትኩእ ተስፋይ፡ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ

ፈለማ፡ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ዝርከቡ ንኡሳን ጨናፍር፡ ኣኣብ ዞባኦም ጉባኤታት ኣካይዶም መመሪሕነቶም ከምዝመርጹ ተገብረ። ቀጺሉ፡ ከካብ ንኡሳን ጨናፍር፡ ናብ ጉባኤ ጨንፈር ሰሜን ኣሜሪካ ዝሳተፉ ኣባላት ተመርጹ።

ኩሎም ኣብ ጉባኤ ጨንፈር ሰሜን ኣሜሪካ ዝሳተፉ ኣባላት፡ ብመጀመርታ ወርሓዊ ክፍሊት ናይ ኣባልነት ክሳብ መወዳእታ 2017 ከፌሎም፡ ንጉባኤ መእተዊ ግድነታዊ ቅጥዒ ከምዝማልኡ ተገብረ። ብተወሳኺ ኣብ ወፈያዊ ስርሓት ከምዝሳተፉ ተገብረ።

መሰረታትን መሪሕነትን ኢፒዲፒ፡ ዜናን ፕሮፓጋንዳን ብባህሪኡ ልዑል ትግሃትን ምትሕግጋዝን ዝጠልብ ጉዳይ ምዃኑ ስለዝተገንዘቡ፡ እዞም ዝስዕቡ ብርክት ዝበሉ ኣባላት፡ ናይ ዜና ሽማግለ ኮይኖም ተመሪጾም ኣለዉ።

**ኣብ ጉባኤ ጨ/ ሰ/ ኣሜሪካ ዝተመርጹ ናይ ዜና ሽማግለ**

1. የውሃንስ ሓጎስ፡ ናይ ዜናን ፕሮፓጋንዳን ሓላፊ
2. ኣስገደት ምሕረትኣብ (ተሓጋጋዚት ሓላፊ)
3. የማነ የውሃንስ (ተሓጋጋዚ ሓላፊ)
4. ያሲን ኢብራሂም
5. ገረዝጊሄር ተወለደ
6. ደስበለ ካሕሳይ
7. ኣስፍሃ ወልደሚካኤል
8. ትኩእ ተስፋይ
9. ግርማይ ተመስገን (ቀሺ)
10. ፍስሃየ ሓጎስ
11. ቃልኣብ ክፍለ
12. ዘምህረት ሰዓረ

**ኢፒዲፒ ሰሜን ኣሜሪካ፡ ደጊም ሳቦያ ንቕድሚት!**